Tigrinia - How Workplace Chemicals Can Harm You

focus on facts

# ናይ ስራሕ ቦታ ኬሚካላት ብኸመይ ይጎድኣና?

ኣብ ናይ ማኒቶባ ስራሕ ቦታታት ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ኬሚካላት ኣብ ጠቕሚ ይውዕሉ። ገሊኣቶም ንፍርያት ዝውዕሉ ጥረ ነገራት ክኾኑ ከለው፣ ካልኦት ድማ ባዕላቶም ፍርያት እዮም። ካልኦት ኬሚካላትውን ኣብ ምስልሳል ስራሓት እንክውዕሉ ዝተረፉ ድማ ንመጽራይን መለሰለስን ዝኣመሰለ ተግባራት ይውዕሉ። ብጀካ እዚ እውን ካልኦት ክምተረፍ መረፍ ዝተወድኤ ፍርያት ትካል ኮይኖም ይፍጠሩ።

ኬሚካላት ዝተፈላለዪ ባህርያዊ ገጻት ኣለዎም። እዚ ገጻት ክምኒ ደረቕ፣ ፈሳሲ፣ ሃፋ፣ ጋዝ፣ ዶሮና ሽታ ወይ ዛዕዛታ ዝኣመሰሉ እዮም። ተራ ግንዛቤና ኣምሳል ኬሚካላት ዝእምት ክም ፈሳሲ ኣቻዮ፣ ሓቓቒ ዘይቲ፣ ወይ ጋዝ፣ ክምኡውን ካርቦን ሞኖክሳይድወይ ኦክስጅን እዪ። ይኹን እምበር ዓይነታት ሓጻዉን ክምእኒ ለድ፣ ኒከል ወይውን ሚነራላት ክም ኡውን ሲልኮን፣ ኣስቤስቶስን እውን ኬሚካላት እዮም።

ብዙሓት ኬሚካላት ሕማም ክስዕቡ ይኽእሉ። ገሊኦም ኣብቲ ዝተቓላዕካሉ ጊዜ ሹዕ ንሹዕ ወይ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ሰዓታት ነቲ ሕማም የኸትሉ። ሓደ ሓደ ኬሚካል ሕማም ርእስን ጭርውርውን ክስዕብ ይኽእሉ፣ ካልኦት ከሚካላት እውን ናይ ሕልና ዕርበት ወይ ውን ሞት የስዕቡ።
ሓደ ሓደ ከሚካላት ድሕሪ

ሳንቡእ ክጎዳኡ ዝኽእሉ ኬሚካላት

- ኣስቤስቱ
- ሲሊካ
- መልሓም ሽታ
- ቶሎኒ ዳይሶስያኖይተስ (toluene diisocyanates)

ሓንጎልን ሰራውር ሓንጎልን ዝጎድኡ ኬሚካላት

- ሓቐቕቲ ጥረነገር
- ሊድ
- ሜርኩሬ ጥረነገር
- ካርቦን ሞኖ ኦክሳይድ
- ማንጋነዝ

ኩሊት ዝጎድእ ኬሚካላት

- ሊድ
- ካድምዮም (cadmium)
- ኣርሰኒክ (arsenic)

ናይ ምውላድ ተኽእሎ ዝጎድእ ኬሚካላት

- ሊድ
- ሓቀቅቲ ጥረ-ነገራት
- ጸረ-ባልዕ

ጸሊም ከብዲ ዝጎዳእ ኬሚካላት

- ኣርሰኒክ
- ትራይክሎሮኣኤቲሊ
- ፐረክሎሮኤትሊን
- ዳይመታይልፍርማ ማይድ ወዘተ

ነዊሕ እዋን ምቅላዕ ነቲ ሕማም የስዕቡ። ንኣብነት ክም ካንሰር ሕማም ኩሊትን ናይ ሓንጎል መጉዳእትን የስዕቡ። ምሕማምን ዘይምሕማምን ኣብዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ዝተመስረተ እዩ።
* እቲ ኬሚካል ኣብ ሰውነት ክኣቱ ምስዝኽእል
* ክንደይ ዝኣክል ኬሚካል ክም ዝተለበድካ
* ንኽንደይ ዝኸውን ጌዜን ክሳብ ክንደይ
* ዝኣክል መርዛዊ ክም ዝኾነ።

ሓደ ኬሚካል ናብ ሰውነትካ ዝሰርጸሉ ሰለስተ ዝተፈላለዩ መንገዲ ኣለው።



ብምስተንፍስ ይሰርጹ



ብቖርበት ሓሊፉ ይሰርጽ



ብምውሓጥ ይሰርጹ

## ኣብ እተተንፍሰሉ እዋን

እ·ቲ ቀንዲ መንገዲ ናይ ስራሕ ቦታኻ ኬሚካላት ናብ ኣካላትካ ዝሰርጹሉ መንገዲ ብምትንፋስ እዩ። እዚ ዝኸውን እቲ ኬሚካል ከም ሃፋ፣ ዶሮና፣ ጋዝ ወይ ዛዕዛዕታ ኮይኑ ምስ ኣየር ክደባለቕ እንከሎ እዩ። ናይ ኣፍንጫ ምተሓላለፌታትን፣ ዓበይቲ መንገዲ ኣየር ሽፋናትካ ንዝኾኑ ፍሩይ ነገር ብእስትንፋስ ከይሰርጽ ይከላኸሉ። እቶም ቀሩያት ነገራት ድማ ኣብ ግዜ በዓል ምንፋጥ ወይ ዓኸታ ካብ ሰውነት ይውገዱ። እንተኾነ ግን ብዓይኒ ክርኣዩ ዘይካኣሉ ነገራት ናብ ሳንቡእ ክሰርጹ ይኽእሉ፣ እዞም ኬሚካላት ናብ ሳምቡእ ምስ ስረጹ ኣብኡ ይጸንሑሞ በሰላ ወይውን ሰሓ ኣብ ገበር ስምቡእ ይፈጥሩ። ብዝሒ ዓኸታዊ ፈሳሲን ጽበት መንግዲ ኣየርን ብምፍጣር ካኣ ካንሰር የስዕቡ።
ሓደ ሓደ ብምስትንፍስ ዝሰረጹ ኬሚካላት ሽሕ ጊዜ ቀሊል ጉድኣት ኣብ ሳንቡእ እንተኸተሉ ቀጺሎም ግን ናብ መትንታት ደም ብምእታው ኣብ ካልኦት ክፋላት ኣካላት የስዕቡ።

## ትሕቲ ቆርበት

ቆርበት እቲ ዝበለጸ መከላኸሊ ናይ ኣካላትና እዩ። ቆርበት ልስላሴኡ ንኽሕሉ ዘይቲ ይምንጩ። እዚ ዘይቲ ምስ ዝጠፍእ ብሰንኪ ዘይቲ ዘንቅጽ

ኬሚካል ቆርበትና ካብ ጀርምታትን ኬሚካላትን ትሑት ምክልኻል ይህልዎ። ቁስሊ ወይ ፍሕጣጥ ኣብ ቆርበት ተመሳሳሊ ሳዕቤን ኣለዎ። ሓንሳብ ኣብ ቆርበትና ምስ ሰረጹ ኬሚካላት ናብ መትንታት ደምና ብምሕላፍ ንኻልኦት ክፍሊ ኣካላትና ጉድኣት የስዕቡ። ኬሚካላት ናብ ቆርበት'ውን ቀጥታ ጉድኣት ከም እኒ ሰሓ፣ ምቅጻል፣ ኣለርጂ ወይ ናይ ቆርበት ካንሰር የስዕቡ።

## ሕማም ከስዐ

ኬሚካላት ብምውሓጥ ኣብ ሰውነትና ይኣትዉ። ደቂ ሰብ ኬሚካላት ኣብ ስራሕ ቦታ ኣይበልዑን ወይ ኣይሰትዩን እዮም። ብሰንኪ ሕጽረት ናይ መተሓጻጸቢ ቦታ ወይ ውን ኣብ ቦታ ስራሕ ብምምጋብ ኬሚካላት ክበልዑ ይክኣል። ሽጋራ ብምስሓብ ወይ ማስቲካ ብምሕያኽ ውን ኬሚካላት ናብ ኣፍና ይኣትዉ።
ካብ ሳንቡእ ዝትፋእ ኬሚካል ሓዘል ዓኸታ ውን ክውሓጥ ይክኣል።

ናይ ስራሕ ቦታ ኬሚካላት ዋላ ንእሽቶይ ውን ምውሓጥ ጉድኣት ከውርድ ይኽእል። መግቢ ዝጥሕኑ ፈሳሲ ኣካላትና ኬሚካላት ናብ ትሑት ናብ ጉድኣት ደረጃ ይሰባብሩ። እዚ ኮይኑ ግን ዝተዋሕጡ ኬሚካላት ክጎድኡና ከም ዝኽእሉ ምዝካር የድሊ።

## ማዕረ ኣይተፈጥሩን

ኩሎም ኬሚካላት ንኹሉ ክፍሊ ኣካላት ዝጎድኡ ኣይኮኑን። ከምኡ'ውን ኩሎም ኬሚካላት ብኹሉ መንገድታት ናብ ኣካላት ኣይኣትዉን። ብተወሳኺ'ውን ጉድኣት ንምስዓብ ዝወስደሎም ጊዜ ይፋላለ እዩ። ሰባት ሳሕቲ ጥራሕ እዮም ንሓደ ኬሚካል ኣብ ስራሕ ቦትኦም ዝቃልዑ። ሓደሓደ ኬሚካላት ብሓባር ስለ ዝሰርሑ ኣብ ሰውነትና ከቢድ ሳዕቤን የውርዱ። ሓደ ሓደ እዋን ብፍላይ ዝተቓላዕካዮም ኬሚካላት ኣብ ሓደ እዋን ብሓንሳብ ክትቃልዖም ከለኻ ዝኸፍኤ ሳዕቤን ክህልዎም ይኽእል።

## ክትገብሮ ትኽእል፣

- ብዛዕባ ናይ ስራሕ ቦታኻ ኪሚካላት ናይ ሓደገኛ ብልቃጣት መሓበሪ ዊምስ (WHMIS) ዘሎ ሓበሬታ ተወከስ።
- ሓደገኛ ኬሚካላት ንምቁጽጻር ኣብ ዘድሊ ስጉምቲታት ኣነጺርካ ፍለጥ።

  -ንእብነት ውሕድ ዝበለ መርዚ ዘለዎ ኬሚካል ኣብ ክንዲ ብዙሕ መርዚ ዘለዎ ኬሚካል ምጥቃም፣

  -ናይ ከባቢኻ መተሓላለፊ ንፋስ ምምሕያሽ፣

  -ከም ጎንቲ ዝኣመሰሉ ግላዊ መከላኸሊ ምጥቃም፣

  -ትኽክል ኣጠቓቕማ ኬሚካላት ምኽታል፣
- ዝተዋህበካ ናይ መከላኸሊ ክዳውንቲ ውደ፣

MFL Occupational Health Centre
102-275 Broadway
Winnipeg, Manitoba R3C 4M6
Phone: 204-949-0811
Fax: 204-956-0848
Email: mflohc@mflohc.mb.ca
Website: www.mflohc.mb.ca

Supported by a grant from the Workers Compensation Board